# ባህርይ ክርስቶስ

## ብፓትሪያርክ ሺኖዳ ሣልሳይ

### ትርጉም
### ብ
### ዶ/ር ሽሞንዲ ኃይለ

ዋሽንግተን ዲሲ ሰሜን ኣሜሪካ
2001

## ምዕራፍ ፩

## ኪኸውን ዝኽእል ሓድነት

ኣብ መንጎ ሰብኣዊ ባህርይን፡ ኣብ መንጎ መለኮታዊ ባህርይን ውህደት ዘይነበረ ኔይሩ እንተ ዚኸውን፡ እቲ ኣብ ክርስቶስ ዝተፈጸመ ውህደት ድኣ ከመይ ቢሉ ተፈጸመ? እስከ በቲ ኣምላኻዊ ኣመለኻኽታ ንርኣዮ። እዚ ውህደት እዚ፡ እዛ ዓለም እዚኣ ካብ እትፍጠር ኣትሒዛ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍልጥን ግልጽትን ነበረት። ኣምላኽ ንሰብ ኪፈጥሮ እንከሎ፡ ምስኡውን እቲ ንድሕነት ዘድልዮ ዘበለ ኩሉ ክእለት ሃቦን ኣፍለጦን፡ ነዚ ድማ ኣብ ዘለዓለም መደቦን ሓሰቦን።

ኣዚ ነቲ ዘልዓለማዊ ሓሳስ ዚምልከት እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እዚ፡ "ኣብ ልቢ ዘይኣቶወ ማለት፡ ኣምላኽ ሰብ ክኸውን እሞ ስሌና ማለት፡ ምእንቲ ድሕነትና ክስቀልን ክዋረድን ክቡር ደሙ ኣፍሲሱ ክብጀወናን መደቦ" ይብል።

ካልእ ኣበውውን፡ ንህላውነት ኣምላኽ፡ ኣብ ማእከል ፍጡራቱ፡ ሰለስተ መልክዕ መግለጺ ኣለዎ ይብል።

ሀ. ኣብ ኩሉን ብኹሉን ህልዊ ብዝኮይነ ህላውንውቱ፡ ኩሉሳዕ ምሳና ይነብር፡

ለ. ብጸግኡ ዝነብሩ ቅዱሳን ጌይሩ ምሳና ይነብር።

### ሐ. ሰማያዊ መለኮታዊ ባህርዩ ኣብ ማሕጸን ቅድስቲ ድንግል ማርያም ተሓኒጹ፣ ምሳና ሓድነቱ ገለጸ ቢሉ መስከረ።

እዛ ሳልሰይቲ ካብተን ቀዳሞት ክልተ ዝተፈልየት ኢያ። እቲ ብሥጋ ዝተገልጸ ሓደ ባህርይ (ሎጎስ)

ሓደ ባህርይ እዩ፣ ግና ኩሉ ንብረት ክልተ ባህርያት ዘጠቓለለ እዩ። ርግጽ ኩሉ ንብረት ባህርይ መለኮትነትን ኩሉ ንብረት ሰብኣዊ ባህርይን ዝሓዘ ኢዩ። እዚ ማለት እቲ ሰብኣዊ ባህርይ፣ ናብ መለኮታዊ ባህርይ፣ ተሳጋጊሩ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ እቲ ሰብኣዊ ባህርዩስ ከም ዘለዎ ድኣ ይቐውም፣ ማለት ኣካል ወዲ ኣምላኽ እቲ ሎጎስ። እቲ ሎጎስውን፣ ናብ ሰብኣዊ ባህርይ ተለዊጡ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፣ እቲ መለኮትሲ ምስ ሰብኣዊ ባህርይ ተወኃኂደ እምበር። ርግጽ ነቲ መለኮታዊ ባህርያቱ ሞት ኣይምልከቶን፣ በቲ ሥጋዊ ባህርያቱ ግና ክመውት ተገብኦ። ሞት ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ፣ መለኮት ዋላ ንሓንቲ ክልኢታዊት እውን ቶኹን፣ ኣይተፈልዮን።

ታሪኽ ከም ዚምህረና ከኣ፣ ብዘበነ ሊቃውንቲ፣ ኣብ ሶርያ ዝነበረ መንፈሳዊ ክትዓት፣ ብፍላይ ድማ ንሞት ክርስቶስ ብዘርኢ፣ ብኸምዚ ዝስዕብ ይዛዝሞ። ነፍሲ ክርስቶስ ነቲ ሬሳኡ ኣብ መሬት ገዲፋ፣ ንሰለስተ መዓልቲ፣ ነቶም ኣብ ሲኦል ተኣሲሮም ዚነብሩ ዝነበሩ ጻድቃን፣ ብስራት ንኼተበስሮም፣ ማዕጾ ሲኦል ከፊታ፣ ናብ ገነት ከተእትዎም፣ ሲኦል ወረደት። መለኮት ግና፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝነበረ ሥጋኡን፣ ነታ ናብ ሲኦል ዝወረደት ነፍሱን፣ ኣይተፈልዮምን። ድሕሪ እቲ ክኸፍሎ ዝተገብኦ ዕዳ ምስ ከፈለ ግና፣ ነፍሱ ምስ ሥጋኡ ተራኸበት። ድሕሪኡውን መለኮት ኣይተፈልዮን።

እተን ሰለስተ መዓልታት ምስ ተወድኣ ግና፣ ነፍሱ ምስ መለኮቱ ሓቢራ ነበረት እሞ፣ ምስ ኣካሉ ንኽትሓብር ብሳልሰይቲ መዓልቲ ምስ ተዋኃኂደት፣ ካብ መቓብር ተንሥኤ።

እቲ ሥልጣን ዝመልኦ ጎይታ ድማ፣ ካብቲ ብዓቢ እምኒ ተዓጽዩን ተሓቲሙን ዝነበረ መቓብር፣ ብዘይገለ ሓገዝ ብሥልጣኑ መቓብር ከፊቱ ወጸ። ድሕሪዚ ከኣ፣ ነቶም ብፍርሒ ኣብ ቤት ተሓቢኦምን ተዓጽዮምን ዚነብሩ ደቂ-መዛምርቱ እሞ ከኣ ማዕጾ ተሸጒሩ እንከሎ፣ ኣትዩ “ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን” በሎም። (ዮሃ፣20፣19)

እሞ ኸድኣ ናብዚ ቤት እዚ ክኣቱ እንከሎስ፡ ብሥጋዊ ባህሪኡ ድዩ ኣትዩ፡ ወይስ ብመለኮታዊ ባህርኡ? እዚስ ንወህደቱ ጭብጢዶ ኣይኮነናን? ኣየናይ ባህርይ እዩኸ ካብ መቓብር ዝተንሥኤ? መለኮታዊ ባህርኡዶ? ወይስ ሰብኣዊ ባህርኡ? ዶዋላስ ክርስቶስ እቲ ሥጋ ዝለበሰ ሎጎስ እዩ ዝተንሥኤ? እምበኣርከስ ንጠንቀቕ። ከመይሲ ምስ ክልተ ባህርያት ማለት፡ ብኣምላኽን ብሰብን ኣይኮናን ንዛረብ ዘሎና። ስለምንታይ ኣምላኽን ሰብን ቢልና እንተድኣ ከፊልናዮ፡ ክልተ እምበር፡ ሓደ ኣይኮናን ነርኢ ዘሎና። ምኽንያቱ፡ ኸርስቶስ ሓደ ድኣ እዩ እምበር፡ ክልተ ኣይኮነን ኣይበሃልን እውን። ንዝተወኃኃደ ወይ ሓደ ዝኾነ ናብ ክልተ ክንጎዛዝዮ ስለ ዘይኽእል።

እምብኣርከስ፡ እቲ ኣብ ማሕፀን ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዝተፈጸመ ሕብረት መለኮትን ሰብን ኢዩ ቢልና ክንቅበሎ ንግደድ። ነቲ ብኻልኣይ ደረጃ ዘሎ ግና፡ ሓደ ክርስቶስ ስለ ዘፍረየ፡ ውጉድ ቢልና ክንጽውዖ እመርጽ። ምኽንያት፡ ክልተ ኢዩ ምባሉ፡ ፍልልይ ኢዩ ዜመልክት እምበር፡ ሕብረት ወይ ውህደት ኣየርእን ቅቡልውን ኣይከውንን።